ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

---

# ኣብ ዝኽሪ መበል ሓምሳን ኣርባዕተን ምጅማር ሰውራ ኤርትራ

ኤርትራ ሃገርና ፡ ዓመት መጸ ነቶም ንናጽነታ ኢላ ዝኸፈለቶም ጀጋኑ ሰውኣት ደቃ እናዘከረት ደም ክትነብዕ ካብ እትጅምር ርብዒ ዘመን ኣቑጺሩ ኣብ ዝሃለወሉ እዋን ፡ ሎሚ ዓመት ውን ከም'ተን ዝሓለፋ ቀዳሞት ናይ ሕሰም ዓመታት ለውጢ ኣብ ዘይብሉ ፡  እኳ ደኣ ኣብ ዝሓሰመ ኩነታት ኮይና ብድርብ ሓዘን ንመዓልቲ ምጅማር በረታዊ ቃልሳ ትዝክር ኣላ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን መሪር ሕሰም ዘውርድ ዘሎ ፡ ቀንዲ ገበነኛን ተሓታትን ዝኾነ ፡ እቲ እንትርፎ ንድልየቱ እምበር ንድልየት ህዝቢ ዘይተቓለሰ ፡ እቲ እንትርፎ ንረብሓኡ እምበር ንረብሓ ህዝቢ ዘይነገሰ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ፡ መመሊሱ ንህዝቢ ኤርትራ ከሰራጥይን ዕረፍቲ ብዘይብሉ መግረፍቲ ንህዝቢ ከሳቕይን ክኣስርን ክቐትልን ይርከብ ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ስደተኛ ተቖጺሩ ፡ ብገዛእ ሃብቱ ድማ ድኻ ተባሂሉ እንክግናሕ ፡ ሓለፍቲ ሸፋቱ ህግደፍ ድማ ስጋብ ዓንቀሮም ብናይ ሓራም ሸሻይ ተዋሒጦም ካብ ኣፍ ህዝቢ እናመንጠሉ ክበልዑን መዓልቶም ከናውሑን ይርከቡ።  ኤርትራ ሎሚ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ካብ'ተን ዝደሓራ ሃገራት እታ ኣብ መጨረስታ መዝገብ ሰፊራ ዘላ ሃገር እያ ። ከምዚ ክትኸውን ዝኸኣለት ድማ ብሕመቕ ህዝባ ዘይኮነስ ፡ ብስንፍና ናይ'ቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ብዕሉግ ናይ ሸፋቱ ስርዓት ምኧኑ እዩ ። ኤርትራ ሃገርና በቲ ኣብ ከርሳ ዘሎ ናይ ተፈጥሮ ሃብታ ተጠቒማ ልዕሊ ጎረባብታ ክትነብር እትኽእል ሀገር እናሃለወት፡ ኩሉ ሸሻያ ብሰንኪ ህግደፍ ማሲኑ ፡ እቲ ዝርካቡ ካብ ወርቅን ካልእ ማዕድናትን ዝርከብ እቶት ውን እንተኾነ ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ህዝባዊ መዓላ ዝውዕል ፡ ህግደፍ ህዝቢ ኣጥሚዩ ኣብ ጥቕሙ ከውዕሎ ይርከብ ።

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኣፈ ሞቱ ካብ ዝበጽሕ ነዊሕ ግዜ ኣቑጺሩ እኳ እንተኾነ ፡ ነታ ምሕላፍ ኣብያ ዘላ ትንፋሱ ንኽትናዋሕ ዝገብር ዘሎ ቀንዲ ረቛሒ እምበኣር ሕድነት ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ዝድለይ ሓያልን ድልዱልን ብዘይምህላዉ እዩ ። ስርዓት ህግደፍ ንሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ወይ ውልቀሰባት ፈልዩ ሃሰያ ከውርድ ኣንከሎ ስቅ ኢልና ብምርኣይናን ዓገብ ብዘይምባልናን ሓቢርና ብዘይምቅዋምና ጥራይ ሓደ ድሕሪ ሓደ ንህዝቢ ኤርትራ ከጽንቶ ይርከብ። እቲ መበገሲ ኩሉ ሓሰም ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ንኽጠፍእ እምበኣር  ብምጀመያ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ከደልድልን ንሓድሕዱ ክተሓላለይን ይግባእ። ምኽኒያቱ ሓደ ኢድ ከይኮንካን ሓቢርካ ከይሰራሕካን ዝኾነ ኣውንታዊ ለውጢ ክመጽእ ስለዘይክእል።

ደምበ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ እውን ብወገኑ  ነቲ ኣብ ዓንቀር በጺሑ ዘሎ መግለጺ ኣልቦ ሽግር ህዝቦም ብምግንዛብ፡  ነቲ ካብ ጸቢብ ኣተሓሳስባን ግዝያዊ ረብሓን ዝብገስ ፍልልያቶም ኣወጊዶም ምእንቲ ብሩህ መጻኢን ቅልጡፍ ለውጥን ፡ ኢዶምን ልቦምን ኣሕቢሮም ክሰርሑ ሓላፍነታዊ ለበዋና ነመሓላልፍ።

ዓወት ነቲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝግበር ቃልሲ

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣት ኤርትራ።

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

1/9/2015